ምምስራት ግንባር ናቕፋ ናቕፋ፡

ማእከል ስሕበት ሓርነታዊ ቃልሲ

(7ይ ክፋል)



ሰሎሙን በርሀ

እቲ ካብ 1979 ክሳብ 1988 ኣብ ዝነበረ 9 ዓመታት ሓያል ምርብራብ ዝተኻየደሉ ግንባር ናቕፋ ኣብ እዋን ሳልሳይ ወራር ኣብ ፈለማ ኣዋርሕ 1979 እዩ ከም ናይ መወዳእታን ቀዋሚን ዕርዲ ተመስሪቱ። ህዝባዊ ሰራዊት ኣፍዓበት ድሕሪ ምግዳፉ፡ ፈለማ ኣብ ከባቢ ሩባ ሕዳይ እዩ ዓሪዱ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ጸላኢ ንግብረ-ሃይል 506- ለ ካብ ከረን ክሳብ ኣፍዓበት ኣብ ዝርከብ ቦታታት ሓለዋ ገዲፉ፡ ግብረ-ሃይል 508 ምስ 506-ሀ ተደረብቲ መካናይዝድ ብርጌዳትን ኣሰሊፉ፡ ብመዳፍዕ፡ ታንክታትን ነፈርትን ተሰንዩ ከይወዓለ ከይሓደረ እግሪ እግሪ ህዝባዊ ሰራዊት ብምስዓብ ሕዳይ በጽሐ። ካብ 2 ክሳብ 4 ለካቲት 1979 ድማ ኣብ ሕዳይ ብርቱዕ ውግእ ተኻየደ። ሰራዊት ጸላኢ፡ ብናይ ክንፊ መጥቃዕቲ ብናሮ ኣቢሉ ንናቕፋ ብቐሊሉ ክኣቱ ከምዝኽእል ስለ ዝተገመተ ከኣ፡ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ሩባ ሕዳይ ገዲፈን፡ ናብ ኣፍደገ ናቕፋ ብምስሓብ፡ የማነ ጸጋም ስትራተጂያዊ እምባ ደንደን ብምዕራድ፡ ናይ መጨረሽታ መከላኸሊ መስመረን ሓዛ። እቲ ድሕሪኡ ጸላኢ ክጥሕሶ ዘይከኣለ ጽኑዕ ግንባር ናቕፋ ድማ ተመስረተ። ክሳብ 9 ለካቲት ጸላኢ ደንደን ንምሓዝ ተደጋጋሚ ፈተነ እንተካየደ እኳ ተመኪቱ ዘፍ በለ። ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ከባቢ ናቕፋ የማነጸጋም ናይቲ ስትራተጂያዊ እምባ ደንደን ኣብ ዝዓረደሉ ፈለማ እዋን ብጸጋም ብርጌድ 58፡ ኣብ ማእከል ብርጌድ 51፡ ብየማን ብርጌድ 8 ዓሪደን ነበራ። ካብ ማዕሚደ

ተበጊሳ ናቕፋ ዝኣተወት ቦጦሎኒ 70.2 እውን ኣብቲ ግንባር ነበረት። ቦጦሎኒ 76.3 ከቢድ ብረት ከኣ ከም ወሃቢት ደገፍ ኣብ ብምሉኡ'ቲ ግንባር ተዘርጊሓ ነበረት። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ኣብ ደጀን ዝነበረ ኣቕሑ ገና ኣይገዓዘን ነበረ። ቀንዲ መስመር ጽርግያ ጉሬቶ ብደርግ ተዓጽዩ ስለዝነበረ ከኣ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ንብረቱ ናብ ውሑስ ቦታ ንምግዓዝ፡ ጸረ-መጥቃዕቲ ፈንዩ ንሓይሊ ጸላኢ ካብ ጉሬቶ ጸሪጉ ኣውረዶ። ንብረቱ ድማ ናብ ቀብርወኣት፡ ገረግርን ተብሕን ኣውጽአ። ክሳብ 10 ለካቲት ከኣ መኸተ ቀጸለ። ብድሕሪ'ዚ ቦጦሎኒታት ብርጌድ 70 ካብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ናብ ናቕፋ መጺኣን ኣብ መንጐ ብርጌድ 51 ከምኡ'ውን ብርጌድ 8 ዓረዳ። ህዝባዊ ሰራዊት፡ የማነ ጸጋም እምባ ደንደን ዓሪዱ መከላኸሊ ዕርድታት ከደልድል ግዜ የድልዮ ነበረ። እንተኾነ ጸላኢ እምባ ደንደን ንምቁጽጻር ብቐጻሊ የጥቅዕ ስለዝነበረ ህዝባዊ ሰራዊት ቀሲኑ ድፍዓቱ ከድልድል ዕድል ኣይረኸበን። ቅሩብ እስትንፋስ ንምርካብ ድማ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ብ13 ለካቲት ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣፍደገ ናቕፋ ዝኹሕኵሕ ዝነበረ ወራሪ ሰራዊት ጸላኢ፡ ሓያል ጸረ-መጥቃዕቲ ብምፍናው፡ ክሳብ 15 ለካቲት ኣብ ዝተኻየደ ውግእ ናብ ሩባ ሕዳይ ኣጽዲፉ ክሳብ ጎቦ እተሓለብብ ደፍኦ። ሰራዊት ደርግ ከቢድ ሰብኣዊ ክሳራ ተሰኪሙ፡ ሓንቲ ቲ-55 ታንክ፡ ኣብ እግሪ ዓቐብ ናቕፋ ገዲፉ ክሃድም ተቐሰበ። እዚ ጸረ-መጥቃዕቲ'ዚ ንኣዘዝቲ ሰራዊት ደርግ ዘሰንበደ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ሰራዊቶም ዛሕ-ዛሕ ኢሉ ብዙሕ ጠበናጁን ብሬናትን ዝተማረኸሉ ዓቢይ ፍጻመ ነበረ። በዚ ድማ መኸተምታ ሳልሳይ ወራር ኰነ። ክሳብ'ዚ መድረኽ'ዚ ኣብ ግንባር ናቕፋ ዝተመስረተ ዕርድታት ህዝባዊ ሰራዊት ካብ ጸጋም ናብ የማን፡ ታባ-ብልሓት (እንዳ-ዱባለ)፡ ታባ ተኣማመን፡ ቀይሕመሬት፡ መርከብና፡ ታባ ሰላም፡ ፊደል-ፐ፡ (ንናቕፋ ኣብ ዝድይብ ጽርግያ ዝርከብ)፡ ሪጎለ፡ ግሎብ፡ ዋንጫ፡ ደንደን፡ ፈርኔሎ (ሩባ-ሞያ)፡ ናኹራ፡ ቴስታ እዩ። ኣሰላልፋ ኣሃዱታት ከኣ፡ ካብ ጸጋም ንየማን ብርጌድ 58፡ ብርጌድ 51፡ ብርጌድ 70፡ ብርጌድ 77 ዓሪደን ነበራ። ፊት ንፊት ናይዚ ድፍዓት'ዚ ዝነበረ ዕርድታት ጸላኢ ከኣ፡ ካብ ጸጋም ንየማን ፊት ተኣማመን ዝርከብ ኩርባ፡ ጨጓር ታባ፡ ታባ ዓመልቶ፡ ሩባ ሕዳይ፡ ጓል ደንደን፡ ሓሬና፡ ጸባይት፡ ቀብር ጻዕዳ ኰይኑ፡ ነቲ ግንባር ብምሉኡ ሒዝዎ ዝነበረ ግብረሃይል 508 እዩ። እቲ ሽዑ ዝተመስረተ መከላኸሊ መስመር ጽብብ ዝበለ ኮይኑ፡ ኣብቲ ዝቐጸለ ግጥማት ግን፡ ምስ ነፍሲ ወከፍ ምንቅስቓስ ጸላኢ የማነ ጸጋም እናተመጠ፡ ኣብ መወዳእታ ምስ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ግንባር ሓልሓልን ባርካን ብዘይከፋት ተኣሳሲሩ ንውሓቱ 667 ኪ.ሜ. በጺሑ

እዩ። ምርብራብን ወራራትን ንስርዓት ደርግ፡ ናቕፋ ምቍጽጻር ወተሃደራዊ ዕላማ ጥራይ ዘይኰነ፡ ፖለቲካዊ ዕላማ እውን ነበሮ። "ሰውራ ኤርትራ ኣብቂዑ'ዩ" ክብል እንተኾይኑ፡ ብዝኾነ መገዲ ናቕፋ ክትተሓዝ ነይሩዋ። ናቕፋ ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ግንባር ክሳብ ዝሃለወት፡ ንተጋደልቲ ምሉእ ብምሉእ ደሚሰሰዮም እየ ክብል ዝኽእል ኣይነበረን። በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ግንባር ናቕፋ ኣፍሪሱ፡ ናቕፋ ንምእታው ከሎ ገና እዩ ተሃንዲዱ። 6 ለካቲት 1979 ከኣ ናይ መጀመርያ ከቢድ ውግእ ኣብ ቀዋሚ ዕርድታት ናቕፋ ተኻየደ። ካብ 6 ክሳብ 11 ለካቲት 1979 ኣብዚ ሓድሽ ግንባር ለይትን መዓልትን ብኽቢድ ደብዳብ ነፈርቲን መዳፍዕን ዝተሰነየ ዕረፍቲ ዘይነበሮ ውግእ ቀጸለ። እምባ ደንደን ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ጉሉሕ ቦታ ዝሓዘ ካብዚ እዋን'ዚ ጀሚሩ እዩ። ብወተሃደራዊ ስትራተጂ ደንደን ምሓዝ ማለት ከተማ ናቕፋ ምቍጽጻር ማለት ስለ ዝነበረ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይቲ ጸላኢ ብቐጥታ ኣብ ደንደን ኮነ የማነ ጸጋም ዝፍንዎ ዝነበረ መጥቃዕቲታት፡ ነዚ ስትራተጂያዊ እምባ'ዚ ምሓዝ ነበረ። ብምሉኡ ከበድቲ ኣጽዋር ጸላኢን ተዋጋእቲ ነፈርቲን ከኣ ቀዳማይ ታርጌቱ ደንደን ነበረ። ኣብዚ ናይ ሳልሳይ ወራር ፈተነታት ጸላኢ፡ ኣብ ዕርዲ ደንደን ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልትን ለይትን ክሳብ 15 ህጁማት ዝፈተነሉ መሪር ውግእ ተኻይዱ ነይሩ። እንተኾነ እምባ ደንደን ን9 ዓመታት መመላእታ ከይተደፍረ ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ትእምርቲ ጽንዓትን ጅግንነትን ተጋደልቲ ኮይኑ ዝበቕዐ ዕርዲ እዩ። ራብዓይ ወራር (30 መጋቢት - 11 ሚያዝያ 1979) ስርዓት ደርግ፡ ከምቲ ናይ ሳልሳይ ወራር፡ ኣብ ራብዓይ ወራር እውን ከቢድ ተቓውሞ ክገጥሞ ምዃኑ ብምግምጋም ንወርሕን ፈረቓን ቅልጡፍ ሰብኣውን ሎጅስቲካዊን ምቅርራብ ገበረ። ብ30 መጋቢት 1979 ከኣ ራብዓይ ወራሩ ኣበገሰ። ኣብዚ ወራር'ዚ፡ ኣተሓሕዛ ድፋዓት ህዝባዊ ሰራዊት ካብቲ ናይ ሳልሳይ ወራር ብዙሕ ፍልልይ ኣይነበሮን። ካብ ጸጋም ንየማን ካብ ታባ-ብልሓት ጀሚሩ ክሳብ ቴስታ (ከባቢ ቤት-ሕመድ) ዝተዘርግሐ ኮይኑ እንከሎ፡ ዕርዲታት ጸላኢ ከኣ፡ ብመንጽሩ ካብ ዓመልቶ ክሳብ ጸበይት ዝተዘርግሐ ነበረ። ኣሰላልፋ ብርጌዳት እውን ለውጢ ኣይነበሮን። ጸላኢ ግን፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝነበረ ግብረሃይል 508 (501ን 502ን ግብረሃይልታት ኣብ ኣቑርደት ምስ በጽሑ ተዋሃሂዶም ዘቘምዎ ግብረ-ሃይል እዩ) ካብ ከረንን ኣስመራን ኣኻኺቡ 506-ሀ ዝበሃል ንኡስ ግብረሃይል ወሰኸ። በዚ መሰረት ብጸጋማይ ክንፊ 508 ግብረሃይል፡ ብየማናይ ክንፊ ከኣ 506-ሀ ንውግእ ተሰለፉ። ብዘይካ'ዚ ብደረጃ ቦጦሎኒታት ዝተወደበ ዓቢ ሓይሊ ናይ መድፍዕ፡ ታንክ፡ ጸረ-ኣየር፡ ተወንጫፊ

ሮኬት (ቢኤም-21) ወሃብቲ ደገፍ ኣሃዱታት'ውን ኣሰሊፉ ነበረ። እቲ ከቢድ ጸቕጢ ዝፈጥር ናይ ሓይሊ ኣየር ደገፍ ከኣ ኣብ ርእሲ'ዚ እዩ። ይኹን'ምበር ድሕሪ ምምስራት ቀዋሚ ግንባር ናቕፋ፡ ውግእ ኣብ ጎቦታት ስለዝኾነ፡ ሰራዊት ደርግ ታንክታት ከም ድሌቱ ከንቀሳቕስ፡ ብመካናይዝድ ጸብለልትነቱ ክንፈ ክፈጥር ዘኽእሎ ጐላጉል ኣይነበሮን። እቲ ዝዓበየ ጸብለልትነቱ ናይ መዳፍዕን ነፈርቲን ነበረ። ራብዓይ ወራር ካብቲ ቅድመኡ ዝነበረ ወራራት ዝፈልዮ፡ ጸላኢ፡ ግድን ፊተፊት ገጢሙ ድፋዓት ተጋደልቲ ክጥሕስ ስለ ዝነበሮ እዩ። ኣብዚ ወራር'ዚ ብናቕፋ ዝወፍረ ሰራዊት ደርግ፡ ክልተ ተልእኾ ሒዙ ተበገሰ። ቀዳማይ ተልእኾ ብፊደል-ፐን ፈርኼሎን በሲዑ፡ ነቲ ግንባር ንየማነ ጸጋም ገሊሁ ከበባ ክገብር፡ እቲ ካልኣይ ተልእኾ ድማ በቲ ዝተበስዐ ቦታ ሓሊፉ ናቕፋ ድሕሪ ምቁጽጻር፡ ብፍጥነት ንቕድሚት ንደጀን ገጹ ተወንጪፉ ምስቲ ብኣልጌን ገይሩ ናብ ደጀን ህ.ግ. ክኣቱ ዝተበገሰ ሓይሊ ተራኺቡ፡ ብስልቲ ማሕጎዳን መዶሻን ንህዝባዊ ግንባር ምሉእ ብምሉእ ምጭፍላቕ ነበረ። ድሕሪ ናይ ኣስታት ወርሒን ፈረቓን ዳግመ ምውድዳብ፡ ሰራዊት ደርግ ነዚ ስልቲ'ዚ ሒዙ ብ30 መጋቢት 1979 ብጽዑቕ ደብዳብ መዳፍዕ፡ ቢ.ኤም. ወንጨፍቲ ሮኬታትን ነፈርቲን መጥቃዕቲ ጀመረ። ድሕሪ'ቲ ንራብዕቲ ዝተኻየደ ብርቱዕ ደብዳብ ከኣ፡ ብ1 ሚያዝያ ብዅሉ ኵርናዓት ግንባር ናቕፋ ሰብኣዊ ማዕበል እናተጠቕመ ተደጋጋሚ ናይ ጥሕሳ ፈተነታት ኣካየደ። እቲ ናይ ጥሕሳ ውጥን ብቐንዱ ብዕርዲታት ፈርኼሎን ፊደል-ፐን ነበረ። ህዝባዊ ሰራዊት፡ ደርግ ክጥቀመሉ ዝኽእል ሜላ ውግእ፡ ጽዑቕ ደብዳብን ማዕበላዊ መጥቃዕቲን ምዃኑ ድሮ ገሚትዎ ስለ ዝነበረ፡ ከምቲ ድሒሩ ዝተሃንጸ ድልዱል ዕርድታት እኳ እንተዘይኮነ፡ ብመጠኑ ጎዳጉዲ ዀዒቱ፡ መተሓላለፊ ካናለታት ሰሪሑ ነበረ። ኣብዚ ወራር'ዚ ሰራዊት ደርግ ንሓጺር እዋን፡ ኣብ መንጎ ብርጌድ 51 ብርጌድ 58 ዝነበረ ስንጭሮ፡ ካብ ፊደል-ፐ ንየማን ጥሒሱ ግሎብ ንእትበሃል ዕርዲ ተቈጻጺሩዋ ነበረ። እንተኾነ ብሓይል ምርብራብን ጸረመጥቃዕትን ተደፊኡ ተመልሰ። እቲ ውግእ በብመዓልቱ እናደኸመ፡ ብ11 ሚያዝያ ኣብቅዐ። ዕርድታት ናቕፋ ፍጹም ዘይድፈር ምዃኑ ተረጋገጸ። ቅኑዕነት ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ድማ ኣብዚ መድረኽ'ዚ ተጋህደ። ሓሙሻይ ወራር (14-26 ሓምለ 1979) ድሕሪ ፍሽለት ራብዓይ ወራር፡ ደርግ ናይ ህዝባዊ ሰራዊት መኸተ ኣመና ሓያል ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ወራር ቅድሚ ምብጋሱ ክምዝምዞ ዝኽእል ድኹም ጐድኒታት ኬጽንዕን ዓቢ ምቅርራብ ክገብርን ኣስታት ሰለስተ ወርሒ ወሰደ። ኣብ መደበራት ታዕሊም ካብ ዝነበሩ ሓደስቲ ሚሊሺያ ከምኡ'ውን

ካብተን ካብ ግንባራት ወጻኢ ዝነበራ ኣሃዱታት ሰራዊት ብምድራብ፡ ዓቕሙ ኣደልደሎ። ኣቋውማ ኣሃዱታቱ ግን ኣይቀየረን። ግብረ-ሃይል 506-ሀ፡ 508 ምስ ተደረብቲ ኣሃዱታተን ኣብ ግንባር ናቕፋ ነበራ። ግብረ-ሃይል 503፡ ምስ ሰለስተ ኣጋር ብርጌዳትን መካናይዝድ ብርጌድ 28 ከኣ፡ ካብ ደብዓት ነቒሉ ከጥቅዕ ተዳለወ። ኣብዚ ወራር'ዚ ደርግ፡ ብግንባራት ዓቕሚ ህዝባዊ ሰራዊት ዝመጥጥን ዝኸፋፍልን መጥቃዕቲታት እናካየደ፡ ሃንደበትነት ተጠቒሙ ብከባቢ መንድዓት ንሕዳቕ ወሪዱ ናብ ጎልጎል ኣግራዕ ብምውራድ ንጽርግያ ኣግራዕ ዓጽዩ፡ ብድሕሪት ብሕመድ ዲበላይ ተጠውዩ ንግንባር ናቕፋ ከፍርሶ፡ ንግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ድማ ካብ ናቕፋ ብምብታኽ ብድሕሪት ከጥቅዮ እዩ ወጢኑ። ኣብ ርእሲ'ዚ ኣብ ግንባር ናቕፋ፡ ብከባቢ ድፋዓት ፈርኤሎን ደንደንን ብጽዑቕ ደብዳባትን ግዕበላዊ መጥቃዕቲታትን ናይ ምጥሓስ ውጥን ነበሮ። ኣሰላልፋ ሰራዊቱ፡ ግብረ-ሃይል 506-ሀ ከምኡ'ውን ግብረ-ሃይል 508 ምስ ተደረብቲ ኣሃዱታት፡ ፊት-ፊት መጥቃዕቲ ፈንዮም ናቕፋ ክቈጻጸሩ፡ ሓደ ክፋል ግብረ-ሃይል 503 ኣግራዕ ቆሪጹ፡ ጽርግያ ሕመድ ዲበላ ተኸቲሉ ንናቕፋ ክኸብብ፡ ካልኣይ ክፋሉ ድማ ጽርግያ ናቕፋ-ወጀባ ተኸቲሉ፡ ምስቲ ብኣልጌን ዝተበገሰ ግብረ-ሃይል 505 ብምርኻብ፡ ኣብ ክልቲኡ ግንባራት ዓሪዱ ንዝነበረ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ድርብ ከበባ (Double encirclement) ክእቱ ዝዓለመ ነበረ። እዚ ቀልጢፉ እንተዘይሰለጠ፡ ኣብ መንጎ ክልተኡ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ብምራቕ ሳሕልን ዝርከብ ከባቢታት ሕዳቕ ኣግራዕን ኣፍጨዋይን ብቐዋምነት ተቘጻጺሩ፡ መስመር ዕደላ ግንባር ናቕፋ (ጽርግያ ኣግራዕ) በቲኹ፡ ኣብ ኣፍጨዋ ብነፈርቲ ተወሳኺ ሰራዊት ብምውራድ፡ ኣብ ውሽጢ ደጀን ሓደገኛ ኩነታት ምፍጣር ከም ካልኣይ ዕላማ ተታሒዙ ነበረ። ነዚ መደብ'ዚ ንምትግባር ርእሱ ዝኸኣለ ሓይሊ ስለ ዘድለዮ ኣብ መስመር ባጽዕ ኣብ ሓለዋ ዝነበረ ንኡስ ግብረሃይል 503- ለ ዘድሊ ምውድዳብ ብምግባር፡ ብማርሳ ጒልቡብ ኣቢሉ ኣፍዓበት ከምዝኣቱ ገበረ። ብ8 ሓምለ ከኣ ንኲብኲብ ሓሊፉ ንፈልከት ገጹ ኣምርሐ። 11 ሓምለ ደብዓት ምስ በጽሐ ድማ'ዩ ዒላማኡ ብንጹር ዝተጋህደ። ብወገን ህዝባዊ ሰራዊት፡ ነዚ ስርሒት'ዚ ብብቕዓት ንምክልኻል፡ ኣብ ድሕሪ መስመር ካብ ዝነበረ ደባይ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ዝበዝሐ ዓቕሚ (2 ቦጠሎኒ ናይ ብርጌድ 44 ምስ ሓንቲ ሓይሊ ናይ ከቢድ ብረት) ናብ ቀዋሚ ግንባራት ሳሕል ከምዝመጽእ ተገይሩ ኣብቲ ዒላማ ጸላኢ ክኸውን ከምዝኽእል ዝተገመተ ቦታታት ከምዝሕዝ ተገብረ። ኣብ ቀዋሚ ግንባር ዝነበረ ኣቃውማን ኣሰላልፋን ኣሃዱታት ግና፡ ከምቲ ናይ ራብዓይ ወራር ነበረ። ይኹን እምበር፡

ክሳራታት ንምውሓድ ድፋዓት ብዝደልደለ ኣገባብ ተሃኒጹ፡ ንሓድሕዱ ብናይ ተኹሲ ሽፋን ከም ዝተሓላለው፡ ተጠባበቕቲ ኣሃዱታት ኣብ ቀረባን ውሑስን ቦታ ተዓቑበን ብምጽናሕ ዝድረባሉ ሜላታት ተኣታትዩ ነበረ። ሓሙሻይ ወራር፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ፡ ብ14 ሓምለ 1979፡ ብጹዑቕ ደብዳብ ጀመረ። ጸላኢ ንየማን ክሳብ ስዋራ ዝመጥጥ እናመሰለ፡ ካብ ደንደን ንየማን ብፍላይ ኣብ ከባቢ ድፋዕ ፈርኔሎ፡ ብርጌድ 77 ዓሪዳትሉ ዝነበረት ቦታ ብማዕበላት ናይ ሰብ ብርቱዕ መጥቃዕቲ ፈነወ። በቲ ቀንዲ መኣዝን መጥቃዕቱ፡ ደርግ ንግብረ-ሃይል 503-ለ ካብ ደብዓት ብምንቅስቓስ ሰንሰለታዊ ተረተር ደብረ ጥሉልን ኅቦ መእድነን ተቈጻጺሩ፡ ኣብ ቀወምቲ ግንባራት ዝነበረ ሓይሊ ከይንቀሳቐስ ከቢድ ደብዳብ እናፈጸመ መጥቃዕቱ ጀመረ። ግብረ-ሃይል 503-ለ፡ ንጕልጎል ኣግራዕ ብምውራድ ጽርግያ ንምቍጽጻር ዘካየዶ ሓያል መጥቃዕቲ፡ ካልኦት ኣሃዱታት ጸላኢ እውን ኣብ ቀወምቲ ግንባራት ድፋዓት ንምፍንጣስ ዘካየድኦ ህልኽ ዝመልኦ ምርብራብ፡ ናይ ህዝባዊ ሰራዊት ተሪር መኸተ ገጢሞ። እቲ ውግእ ክሳብ 18 ሓምለ ቀጸለ። ጸላኢ ከምቲ ዝወጠኖ ክሰልጦ ኣይከኣለን። ብሳልሳይ ግንባር ዝመጸ ሓይሊ ጸላኢ እናተዳኸመ ምስ ከደ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ብ22ን 23ን ሓምለ ጸረ-መጥቃዕቲ ብምውሳድ፡ ንኣዛዚ ግብረሃይል 503 ኲለኔል ካሳ ገብረማርያም ብምቕታል፡ ነቲ በዚ ማእዝን'ዚ ዝወፈረ ሰራዊት ጸላኢ ምሉእ ብምሉእ ደምሰሶ። እቲ ሓድሽ ግንባር ከኣ ድሕሪ ናይ መዓልታት ውግእ ከም ግንባር ኣብቅዐ። ድሕሪ ፍሽለት 3ይ ግንባር፡ ሓምሻይ ወራር ከም ዘብቅዐ ርዱእ እኳ እንተነበረ፡ ደርግ ግን ብየማናይ ክንፊ ግንባር ናቕፋ ንሸነኽ ኣርህጸትን ስዋራን እናመጠጠ ንኣሽቱ ናይ ዓቕሊ ጽበት ፈተነታት ቀጸለ። ህዝባዊ ሰራዊት ነዚ ፈተነታት'ዚ ብምምካት፡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ደርግ ከቢድ ክሳራ ምስ ኣውረደ ከኣ፡ ጸላኢ ናብ መበገሲ ቦታኡ ክምለስ ተቐሲቡ፡ ሓምሻይ ወራር ብ26 ሓምለ 1979 ኣብቅዐ። ኣብ ራብዓይ ወራር፡ ግንባር ናቕፋ ንየማን ክሳብ ፈርኔሎ ጥራይ ዝዝርጋሕ ዝነበረ፡ ኣብ ሓምሻይ ወራር ደርግ ብዘካየዶ ናይ ምምጣጥ ፈተነ፡ የማናይ ግንባር ናቕፋ ክሳብ ስዋራ ተዘርግሐ።